# “በትሪ ሓቂስ ትቐጥን'ምበር ኣይትስበርን ኢያ”

**ከምዚ ዓይነት ኮንፈረንስ ከኣ ኣሸንካይዶ ብሓውና ወዲ ዓድና ብካልእ ዜጋ'ውን እንተዝዳሎ ክንሳተፎ፡ ክንማህረሉ፡ ኣብ ረብሓና ከነውዕሎን ከነመስግንን'ዩ ዝግባኣና።**

ኣብዚ ለንቀነ ብሃይለ መንገሻ ዕቑበ “ኣንበሳ ኣምሰተርዳም ይቓዝም ኣሎ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ነቲ ኣብ ዕለታት 16'ን 17'ን ሰነ ኣብ ኣምስተርዳም ንዝካየድ ካላኣይ ኮንፈረንስ ኣምስተርዳም፡ መሪሕ ተራ ዝጻወቱ ዘለዉ ዶር. ፍስሓጽዮን መንግስቱ ዘመጉስን እቲ ኮንፈረንስ ከተኩሮሉ ዘለዎ ክልተ ናይ ባዕሎም መርገጺ፡ ኣብ ኢንተርነት ዘስፈርዎ ጽሑፎም ኣንቢበዮ።
ብመጀመርታ ንኣቶ ሃይለ ስለ'ዚን ካለኦት ቀጻሊ ዘበርከትዎም ሃገራዊን ቁምነገር ሓዘልን ጽሑፋት ከመስግኖም ይፈቱ። ብምቕጻል ብወገነይ ንኣዳለውቲ ኮንፈረንስ ኣምስተርዳም፡ ኣመስጊነ ንኣመስጋናይ ከምዝሃብኩ ጥራይ ዘይኮነ ብኩሉ ዓቕመይ ኣብ ጎኖም ከምዘለኹ ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፈይ ሕጂ'ውን ደጊም የረጋግጽ።

ኣቶ ሃይለ፡ ኣብ ጽሑፎም፡ ዋዕላ ኣምስተርዳም <u>“...ናይ መቐይሮ መድረኽን...ናይ ምጭባጥ ሙሉእ ወተሃደራዊ ዓወት ዝቐንዐ...”</u> ክኸውን ከምዘልዎ ገሊጾም ነይሮም። ብወገነይ “እዝጊን ኣዛረበኩም” ብሓቂ መድረኽ መቐይሮ የድልየና'ሎ ክብሎም ይደሊ። ምኽንያቱ፡ ህግደፍ እዚ ንፍልጦ ህግደፍ'ዩ። ደምበ ተቓውሞ ከኣ፡ ከምቲ ሓደ እዋን ባዕሎም ዝበልዎ፡ “ምስ ህዝቢ ማይን ዘይትን” ካብ ዝኾኑ ዓሰርተታት ዓመታት ኣቑጺሮም ኣለዉ። በዚ ኢልና በቲ ናይዚ ዝሓለፈ ኣርብዓ ሓምሳ ዓመታት ታሪኽና ምልስ ኢልና እንተረኣናዮ'ውን፡ መርገም ዶ በጺሑና'ዩ ዘብል። ምስ ጎርባብትና ኩናት፡ ኣብ ነንሕድሕድናስ ኩናት፡ ስቅያት፡ መከራ፡ ስደት፡ ጥምየት፡ ምብትታን ጥልመት፡...ኢዩ። ኣቱም የሕዋት ንሎሚ ስለ'ቶም ስዋኣትና ብድፉኑ ይኹነልና። ነቲ ንከምዚ ዓይነት ምድራዊ ሲኦል፡ ዘቃላዓናን ሕጂ'ውን ንድሕሪት ዝጎቱና ጥራይ ዘይኮኑ ህላውነትና ከጽንቱና ዝደናደኑ ዘለዉ፡ ኩሎም ማሕልኻታትን ፖለቲካዊ መድረኻታትን ናይ ኣተሓሳሳባ ለውጢ ብምምጻእ ክንግሕፎም ሓላፍነትና ጥራይ ዘይኮነ፡ ግዴታና'ዩ። መዋእልና ብሂዊት ምስተጣላዕና ኢና፡ እዚ ከኣ ከብቅዕ ኣለዎ። ነዚ ከኣ ከምቲ ኣቶ ሃይለ ዝበልዎ ናይ መቐይሮ መድረኽ የድልየና።

ሓድሽ ተስፋ ኔት ዎርክ እምበኣር፡ ህዝብና ብኪዳንን ካለኦት ውድባትን ቓንቑኡ ተደባሊቑ፡ ምስምዑን ምልላዩን፡ ዝሕዞን ዝጭብጦን ጠፊእዎ፡ ተስፋ ቆሪጹ ኣብ ደልሃመት እንከሎ፡ ከም ህዝቦም ተስፋ ከይቆረጹ፡ ወይ ውልቃዊ ዋኒኖም ዓጂጅዎም ንህዝብን ሃገርን ሕቘኦም ከይሃቡ፡ ንህዝብና ከም ብሓድሽ ተስፋ ጩራ ብርሃን ከርእይዎ፡ ለይትን ቀትርን ህርድግ ይብሉን ሃገራዊ ግዴትኦም ይዋጽኡን ኣለው። ቅዱስ ዕላማ ጩቢጦም ከኣ፡ ብዛዕባ ኩነታትናን ሃገርናን ኣፍልጦ ኣባርክቶን ጽልዋን ዘለዎምን ክህልዎምን ዝኽእልን ውልቀ ሰባት፡ ምሁራት፡ ኣምበሳደራትን ወከልቲ ማሕበራትን ሃገራትን ዓዲሞም ከኣ ንዑ ንተኣከብ'ሞ

ተራኺብና ብዛዕባ ጉዳይናን መጻኢናን ተዛቲና መፍትሒ ንግበረሉ ይብሉ ኣለዉ። ብሓቂ ከኣ ሃገርን ህዝብን ኣብ ሓደጋ፡ ከምእውን መንእሰይ ወለዶ ከኣ ኣብ ባሕሪን ምድረበዳን እንዳጸነተ ከሎ ፖለቲካዊ ፍልልይ ኣየድልየናን። ፋሕ ጭንግራሕ ዝበለ ሕብረተሰብ፡ ብተግባር ዘይሰርሕ ፖለቲካዊ ፕሮግራማት ከምኡ'ውን ኣብ ጸጽባሕ ከም ኣናጹ ዝራብሓ ውድባትን መራሕትን ሒስካ ህዝብን ሃገርን ከተድሕን ከቶ ዘይከኣል፡ ሕልሚ ጥራሕ'ዩ ክኸውን ዝኽእል። "ንንሕድሕዳ ዝተመቓቐለት መንግስቲ ክትቀውም ኣይከኣላን'ዩ ነገሩ።" ስለዚ ብኢንተርነት ጥራሕ ሽግርና ክፍታሕ ኣይክእልን'ዩ። ዋላ'ቲ ናይ ብዕር ጨለታት ዝብልዎ፡ ሞግዚታዊ መንግስቲ ክምስረት'ውን ፈጺሙ ዘይሕሰብ'ዩ። ምኽንያቱ ኩላትና ከምንፈልጦ ንዝኾነ ነገር ናይ ባዕሉ መስርሕ ኣልዎ። ናይ ሃገርናን ህዝብናን ጉዳይ'ውን ከምኡ። እዚ ክንገብር እንተኾይና ከኣ ኮንፈረንስ ኣምስተርዳም ካብ ንግምቶ ንላዕሊ የድልየና።

ምኽንያቱ ከምዚ ዓይነት መድርኽ፡ ውልቀ- ሰባት፡ ፖለቲካውያንን ዘይፖለቲካውያንን ሓይልታት ተስማሚዖም፡ ሓይሊ ደሊቦም፡ ሓቢሮም ንክሰርሑ ዘኽእሎም መድርኽ ይፈጥር ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ሕብረተሰብና ዓሙቕ ሱር ዘለዎ ዲሞክራሲያዊ ሰረት ንምትካል፡ ዘለዎ ኣበርክቶ ካብ ዝኾነ ይኹን ንላዕሊ ትርጉሙ ዓብይ'ዩ። ኩላትና ከም ንፈልጦ ዲሞክራሲ ክፍጠር ዝክኣል ብናይ ህዝቢ ተሳትፎ'ዩ። ህዝቢ ከኣ ብተሳታፍነቱ ንኮንፈረንስ ኣምስተርዳም ከዕውቶ ኣለዎ።

ከም ህዝቢ ዘለናዮ ዘመን፡ ቁኑዕ መስመርን ዘምጽኦም ምዕባለን ከነለልይ የድልየና። እተን ኣብዚ ዘመና "ብዲሞክራሲ፡ ምዕባለን ሃብትን" ዝፍለጣ ከም ኣመሪካን ኤውሮጳን ዝኣመሰላ ክፍለ ዓለማት፡ ህዝበን ሓቢሩ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ከይተሓለለ መስዋእቲ ብምኽፋሉ'ዩ፡ ኣብዚ ዘለወኦ ደረጃ ምዕባለ በጺሐን ዘለዋ። ልክዕዩ ከም በዓል ደክቶር ፍስሓጽዮን መንግስቱ ዝኣመሰሉ ሙሉእ ዕድሚኦም ዝተማህሩሉን፡ ዝተመራመሩሉን፡ ሓቂን ቅንዕናን ዝተላበሱ፡ ምስ ዝነፈሰ ዘይነፍሱ፡ ከም ውሕጅ ዘይክተሉ፡ ዓቢ ራኢን ዕላማን ዘለዎም የድልዩና ኣለዉ። ሕጂ እግዝኣብሄር ነቲ ህዝቢ ካብ መዓት ከድሕኖ፡ ግዲ ደልዩ፡ የትንስኦም ኣሎ። ንድሕሪት ምልስ ኢለ ክርእዮ ከለኹ፡ ዘይነበሩ ዘይኮኑስ ብሓቂ ንየዕም ዝርእያ የዒንትን ዝሰምዓ የእዛንን ዘስተውዕል ኣእምሮን ኣይነበረናን። ሕጂ መድረኾም መጺኡ ኣሎ። ንሕና ዘለዎም ሓዝሳብትን ዕላማን ብቕንዕና ክንፈልጦ፡ ክንቅበሎን ክንስዕቦን ካብኡ ሓሊፍና ከኣ የማናይ ኢድና ክንህቦም ይግብኣና።

ስለዚ ልክዕ ከምቲ ትማሊ ብስም ነጻነት ኣብ ሓደ ዝተገደምና ሕጂ'ውን ዕላማና ኩሉ ሰበኣዊ ቁጠባዊን ንዋታዊን ዓቕምታትና ናብ ሓደ ክቕንዕ ኣልዎ። እዚ ዝኸውን'ውን ከኣ ከምዚ ሓድሽ ተስፋ ኔት ዎርክ ደጋጊሞም ዝብልዎ ዘለዉ ተራኺብና ብተግባር ፍልልያትና ኣለሊናን ኣጽቢብናን ሓደ ህዝባዊ ሓይሊ ምስንፈጥር ጥርሕ'ዩ። ነዚ ክንገብር ከኣ ግልጽነት፡ ቅንዕና፡ ፍልጠት ሓቂ፡ ፍትሒ፡ ሰብኣዊ ክብሪ፡ ተወፋይነት፡ ዘለዎም። ስልጣን ውልቃዊን ውድባዊን (ድኻኖም) ረብሓ ቅድሚ ህዝቢን ሃገርን ዘይሰርዑ...መራሕቲ ከነለልይ ይግባኣና። እዚ ብሓድሽ ተስፋ ኔት ዎርክ ተዳልዩ ዘሎ፡ ነዊሕ ራኢን፡ ዕላማን ዘለዎ፡ ተስፋ፡ ሓይሊን ተውፋይነትን ዘስንቕ ሓድሽ ህዝባዊ መድረኽ፡ ከኣ ብቕንዕና፡ ባይታን ኣንፈት መንገድን ክኾነና ይኽእል'ዩ።

ይኹን'ምበር ሓደ ሓደ ሰባት እቲ ኮንፍፈረንስ ህዝባዊ ዓወት ከይረክብ፡ ህዝቢ ተራኺቡን ተዛትዩን መፍትሒኡ ከየናዲ፡ ብዛዕባ'ቶም ኣካየድቲ ብፍላይ ብዝዕባ ዶር ፍስሓጽዮን ዝኾነን ዘይኮነን ክጽሕፉ ይዕዘብ ኣለኹ። ኣነ ስለ ሓቂ ክምስርክር

እንተኾይኑ እቶም ትማሊ፡ ትማሊ ጸረ ህዝቢ ትግራይን ኢትዮጵያን ብዙሕ ሕማቕ ተግባራት ዝፈጸሙ'ን፡ ክሳብ'ዚ ሕጂ'ውን ነብሶም ከም ፍሉያት ብምቑጻር ምስ ትግራዋይ ነዛ መኣዲ ከማን ሓቢሮም ከይቅመጡ ዓስርተ ሚትሮ ዝርሕቑ ዝነበሩ፡ (ዝፈልጦ ነገር ስለ ዘለኒ'የ፡) መርሕቲ ውድባት ኢና ዝብሉ ከይተረፉ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ትፍኣም ይልሕሱ ኣለዉ። ናብ ኢትዮጵያ ሎኽ ሎኽ ብምባል ከኣ መዓጹ ኢትዮጵያውያን ክኹሕኩሑን ክልምኑን ይውዕሉ ኣለው። ዶር ፍስሓጽዮን (ታሪኾም ከም ተኸታተልክዎ)፡ ድሕሪ ሰላሳን ሰለስተን ዓመተ ዘመን ስደቶም ኢዮም ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም። ናቶም ነውሪ ዝኾነሉ ስለምንታይ። ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ኢትዮጵያ ኣኬባታት ምክያዶም፡ ማዕጾ ምኹሕኻሕን ምልማንን ኣይ ምስተጸለአን ቅንዕና ግና ክጠፍእ የብሉን። ቁኑዓትን ሓቐኛታትን ዝበዝሕዎ መራሕቲ ዘይብሉ መሪሕነት ኮነ መንግስቲ ከኣ፡ ትርፉ እዚ ንሪኦ ዘለና'ዩ። በዚ ኮነ በቲ ኣብ ሓሶት ዝተሞርኮሰ ፖለቲካ ኩሉ ግዜ ጎዳኢ ምኻኑ ታሪኽ ጽቡቕ ገይሩ መምህርና'ዩ። ሓሶትን ሓሰርንፋይን እንዳሓደረ ይፎኩስ ከምዝባሃል፡ ኣብ ልዕሊ ደቂሰባት ዝግበር ሓሶትን ጸለመን እንትሮፎ ንዉሑድ ግዜ ምትላል ዝፍይዶ ኣወንታዊ ፋይዳ የብሉን። ብሕጊ'ውን ዘሕትት ምኻኑ ክዝንጋዕ የብሉን። ብውልቅና ኮነ ሕብረተስብ ደረጃ'ውን ዘርብሓና ኣይኮነን።

እተን ምዕቡላት ሃገራት፡ ሙሁራት ዓለም ክእከባ ክንደይ ዝኣክል ጻዕሪን ወጻኢታትንን ክገብራ ንሪአን ኣለና። ብዓለም ደርጃ'ውን ኣዛራቢ ጉዳይ ኮይኑ ከምዘሎ ንፈልጦ ኢና። ገለ ሰባት ከኣ ሓደ ተባዕ ሙሁር ረኺብናስ ንዕየየም ከቻናድቡ ከይደቀሱ ዝሓድሩ ኣለዉና። ከምዚ ዓይነት ኮንፈረንስ ከኣ ኣሸንካይዶ ብሓውና ወዲ ዓድና ብካልእ ዜጋ'ውን እንተዝዳሎ ክንሳተፎን ክንማህረሉን ኣብ ረብሓን ከነውዕሎን ከነመስግንን'ዩ ዝግባኣና። እቲ ዝገርም ከአ መራሕቲ ውድባት፡ ብዛዕብ ኮንፈረንስ ኣምስተርዳምን ዕላምኡን ብተበግሶኦም፡ ርእይትኦም ክህቡን ክጽሕፉንሲ ይትረፍ፡ ተሓቲቶም ንፈልጦ የብልናን ክብሉ ተሰሚዖም። (ኣብዚ ዘለኹዎ ኤውሮጳን ብኣካል ከምኡ'ውን ኣብ ኣመሪካን ብቐረብተይን ብመርኸቢ ብዙሓን ዝከታተሎን ዘለኹ፡) ብወገነይ ቅንዕና ዝጎደሎ ርእይቶ ይመስለኒ። ካብኡ ሓሊፉ ከኣ በቲ ንውክለካ ኢና ኢሎም ለይትን መዓልትን ኣኼባ ዝእክብዎ ዘለዉ ምስኪን ህዝቢ ምጽዋት'ዩ ዝመስለኒ። ምኽንያቱ ብመጀመርታ ብዝተፈላለየ መራኸቢ ብዙሓን ንህዝቢን ተቓወምቲ ውድባትን መጸዋዕታ ተገይሩን ተሓቢሩን'ዩ። ብዘይካዚ'ውን ንመራሕቲ ውድባት'ውን ንገለ ብኣካል ንገለ ከኣ ብቴሌፎን ከምዝሓበሩ ኣብ ኢንተርነት ተጠቒሱ ነይሩ'ዩ። ከም ርእይቶይ ህዝባዊ ሕቶ ንሓደ ፈቲኻን ንሓደ ጸሊእካን ትገድፎ ኣይኮነን። እዚ ህዝባዊ ሕቶ'ዩ ንኹሉ ኣብታ ሃገር ተወሊደ'የ ዝብል ሰብ'ውን እቲ ጉዳይ ንኹሉ ብማዕረ'ዩ ዝብጽሖ። እቲ መስርሕ ከኣ ሓደን ብከምኡን ጥራሕን'ዩ። ነዚ ዘይቅበሉን ብተግባር ዘይሰርሕሉን መራሕቲ ኢና ዝብሉ'ውን እንተለዉ፡ ከሎ ገና እንታይ ዓይነት መራሕቲ ክኾኑ ከምዝደልዩ ብሩህ ይገብሩልና ከምዘለዉ ምስትውዓል የድሊ። ከም መራሕቲ ከኣ ይትረፍ ከምዚ ዝኣመሰለ ታሪኻዊ ተበግሶን ስራሕትን ዝኾነ ንሃገርና ዝምልከት ዝተባህለን ዝተገብረን ክፈልጥዎን ክዋስእሉን፡ ካብኡ ሓሊፎም ንህዝቢ ይሃይሽ'ዩ ዝብልዎ ሓሳባትን ሜላን ኣፍሲሶም ንህዝቢ ኣእሚኖም ከተግብሩ ግዴታ ኣለዎም። እዚ ተመኩሮ ንዓይ፡ መርገጺ ዘለዎም ተባዓት መራሕቲ ገና ከምዘይተገልጹ'ዩ ዘብርሃለይ። ከምዚ ዓይነት ቅዱስ ዕላማ ኣልዒሉ ህዝቢ ተኣከብ፡ ተዛተ፡ ሽግርካ ኣለልይ፡... ዝብል ዝኾነ ይኹን ኣካል ከኣ ክድገፍን ክተባባዕን ኣለዎ። ምኽንያቱ ህዝቢ ባዕሉ ወሳኒ ዝለዝኸውን። ነዚ ከምዚ ዓይነት ዝቃወሙ ወልቀሰባት፡ መርሕቲን ወድባትን ከኣ ብቐጥታን ባተዘዋዋሪን ሻዕብያን ደገፍቱን ጸረ ህዝቢን ጥራሕ ክኾኑ ኣለዎም።

ካብዚ ዘለናዮ መዓትን መዘዙን ንሓንሳብን ንሓዋሩን ክንወጽእ እንተኾይና፡ ከም ህዝቢ ናይ ብሓቂ ፈተውትናን ጸላእትናን ክነለሊ ይግባኣና'ዩ። ሓድሽ መንገዲ ምቕያስን ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ከነምጽእ የድልየና። ሕብረተሰብና፡ ብዘይ ህዝባዊ መድረኽን ተሳትፎን ዝተፈጥራ ውድባትን ባዕሎም ዝተሰምዩ መራሕቲን ብዘይ ኣፍልጦ ብምስዓብና'ዩ እዚ ኩሉ ወሪድና ዘሎ በሃላይ'የ። ዝሓለፍናዮን ንነብሮን ዘለና መከራ ይኣክል። ኣብዚ መወዳእታ ይገበረሉ። ኢሰያስ ኣሊና ካልእ ኢሰያስ ከይነንግስ'ውን ምስትውዓል የድልየና። እዚ እንተዘይ ገይርና ካብዚ ዘለናዮ ብዝኸፍአ ነበርየ ነበረ ከምንኸውን ክንስሕቶ የብልናን።

ኣብ መወዳእታ ከመሓላልፎ ዝደሊ መልእኽቲ፡ ነኣባላት ሓድሽ ተስፋ ኔትዎርክን ብፍላይ ከኣ ንኩቡር ዶር ፍስሓጽዮን መንግስቱ፡ ኮንፈረንስ ዕውት ኮይኑ በቶም፡ ትተኣማመኑ ሰባት ህዝቢ ብዝደልዮ መንገዲ ትሰርሕሉ ሓደ ነገር ክትገብሩ ኣቐዲመ ይላወበኩም። ብወገነይ ከምዝተዓዘብክዎ እቲ ቁኑዕን ሓቀኛን ዝኾነ ሰብ ኣብ ጎኑኹም ከምዘሎ ከረጋግጸልኩም ይደሊ። ኣጆኹም ኣብ ጎኑኹም ኣለና። ነዞም ዝኾነን ዘይኮነን እንዳበሉ ነዚ ቅዱስ ህዝባዊ ዕላማ ክዕንቅፉ ዝፍትኑ ውልቀ ሰባት ግዲ ኣይትሃብዎም። "በትሪ ሓቅሲ ትቐጥን'በር ኣይትስበርን'ያ" ኩሉ ሃገሩን ህዝቡን የፍቅርየ ዝብል ሰብ ከኣ ንሕልንኡን ድሕነት ህዝቡን ክብል ብቀጥታን ብተዘዋዋሪን ኣብ ካልኣይ ኮንፈረንስ ኣምስተርዳም ክሳተፍን ክድግፍን ጻዊዒተይ የቕርብ።

ዓወት
ንካልኣይ ዋዕላ ኣምስተርዳም!!
ሃብቱ ተስፋይ
ሰነ 10 2007
ካብ ጀርመን